



ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ኣትላንታ።

Debre Geezan Medhanealem Eritrean Orthodox Church Atlanta

# በዓል ተምረቕቲ 2008

# Celebrating graduates of 2008

ብመጀመርያ ክብርን ምስጋናን ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ይኹን። ብድሕሪኡ ንወለዲ ተመረቕትን ነቶም ጺዒሮም ፍረ ጻዕሮም ዝረኸቡን እንቋዕ መጎሰኩም። ቀጺሉ ናይ ሕብረተሰብና ኩርዓትን ሓበንን ስለዝኾንኩም፡ ምሳኹም ድማ ሓቢርና ንሕጉስን ንኣምላኽና ነመስግንን። ቤተ ክርስትያን መድኃኔ ዓለም፡ ንደቃ ብመንፈሳውን፥ ብስጋውን፥ ብጸጋን ንኽዓብዩ ብጸሎትን፡ ብሞራላዊ ንያታዊን ድጋፍ ከም ዕላማ ተተሓሒዛቶ ትሰርሓሉ ኣላ። በዚ ምኽንያት ከኣ ናይ ደስታናን ሓጎስናን ንመግለጺ ኢላ በዓል ኣብ ኣብ ዓመት ተዳልወሎም ኣላ። ብቀሺ ዶ/ር ኣስመሮም ማዕዳን ትምህርቲን መግለጺን ንተመረቕትን ንዝስዕቡ መንእሰያትን ድማ ተዋሂብዎም። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ኩነታት ክሊማ ጽቡቕ ስለ ዝነበረ ዘድሊ ምድላዋት ኣብ ደገ ንዝተኻየደ ዕዉት ነበረ።

ካብዞም ዝተመረቑ መብዛሕቶም ኣብዚ ተወሊዶም ዝዓበዩ እዮም። ኮይኑ ከኣ ብዝምስገን ነጥብታት(Honor) እዮም ተመሪቆም። እቲ ቀንዲ ዘሓጉስ ነገር ግና ዳርጋ መብዛሕቶም ኣብ ቤተ ክርስትያን መድኃኔ ዓለም እዮም ዓብዮም። ገሊኦም ብድያቆንነትን፡ መማህራን ትምህርቲ ሰንበት ብኻልእ ብመንፈስ ኣገልግሎት እዮም ዝዋስኡ ዘለዉ። ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ንተመሃራዩ ጢሞቴዎስ ዝበሎ *“ነቲ ዝተቀበልካዮ ጽቡቕ ሕድሪ በቲ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ሓልዎ።”* 2ይ ጢሞ 1፡14 ። ተስፋናን ጸሎትናን ብዝተማህርዎ መንፈሳዊ ትምህርቲ ህይወቶም መሪሖም ኣብ ናብርኦም ዕውታት ክኾኑን ንህዝቦምን ሃገሮምን ኣፍረይቲ ዜጋ ኮይኖም ከሓብኑና፡ ኣብ መጨረስታ ድማ ወረስቲ መንግስተ ሰማያት ንክኾኑ እዩ። ደጊምና ደጋጊምና እንቋዕ መጐሰኩም!!!!!!! ነዚ በዓል ንምዕዋቱ ዝተዋስኡ ኣምልኽ ጻማኹም ይሃብኩም።























# ክብርን ምስጋናን ንእምላኽ ይኹን!